**ጋዜጣዊ መግለጺ ካብ ምምሕዳር ከተማ ሪሶር 16.00**

ጽኑዕ ቍጽጽር ለብዒ ኣብ ሪሶር ንምግባር ዝወጸ መምርሒታት

ሓሙስ ድሕሪ ቐትሪ ኣብ እተገብረ ህጹጽ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ሪሶር ብዛዕባ ጽኑዕ ቍጽጽር ለብዒ ዚገልጽ መምርሒታት ኣጽዲቑ። እቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ ነጥብታት ናይዚ መምሪሕታት፣ ኣብ ብሕቲ መንበሪታትን ኣባይቲ ዕረፍትን ካብ ሓሙሽተ ኣጋይሽ ንላዕሊ ይእግድ፣ መሰናድኦታት ምክያድ ይእግድ፣ ዝያዳ ብቐረባ ዝተለልዩ ንግዳውያን ትካላት ይዓጽው፣ ከምኡውን ሓደ ሰብ ብዉሕዱ ሓደ ሜተር ርሕቀት ክሕሉ ኣብ ዘይክእለሉ ቦታታት ማስኬራ ገጽ ግድን ይጥቀም።

ኣብ ሪሶር ዘሎ ርእሰ ሓኪም ምምሕዳር ምስ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ዘሎ ሓኪም ዞባ ድሕሪ ምምይያጥ፡ ብዙሓት ሰባት ኣብዚ ምምሕዳር ሪሶር ዘጠቓልል ከቢድን ብተዘማዲ ዘይንጹርን ኩነታት ለብዒ ምርኩስ ብምግባር ናይዚ ኸባቢ መምርሒ ኮቪድ19 ክትኣታቶ ሓሳብ ኣቕሪቡ። ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ካብ ሎሚ ምሸት ብእተኻእለ መጠን ቀልጢፉ እዚ መምርሒታት ክትግበር ብሓደ ድምጺ ወሲኑ ኣሎ።

እዚ መምሪሕታት ነዚ ኣብ ምምሕዳር ሪሶር ዘሎ ኮሮናቫይስ ንምክልኻልን ለብዒ ንምንካይን ዝግበር ናይ ለብዒ መቆጻጸሪ ስጉምትታት ኢዩ ። ከምዚ ዝኣመሰለ ኸባብያዊ መምርሒ ኣብ ሕጊ ቍጽጽር ለብዒ እትው እዩ፡ ክንዲዝኾነ ኣብ ልዕሊ እዚ ሕጊ ኸቢድ ጥሕሰት እንተ ድኣ ኣጋጢሙ ኸኣ መቕጻዕትን ማእሰርትን ከውህብ ይኽእል። ኣብ ሪሶር ዝነብሩ ዅሎም ነዚ መምሪሕታት ኣጸቢቖም ክፈልጥዎን ክስዕብዎን ኣለዎም። ቤት ምኽሪ እዚ ምምሕዳር ኻልእ ውሳነታት እንተ ዘይገይሩ እዚ መምርሒ ንኽልተ ሰሙን ማለት ክሳዕ 28 ግንቦት ይጸንሕ። ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ነዚ መምሪሕታት ክስርዞ ወይ ለውጥታት ክገብረሉ ይኽእል እዩ ።